# ሃማመተኤ

## “መንእሰይ ይንቃሕ፣ ይወደብ፣ ይዕጠቕ!”

ክፍሊ ዜናን ባህልን

ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሃማመተኤ

ሓምለ 2016

# መእተዊ

ታሪኽ ኤርትራውያን መንእሰያት ታሪኽ ቃልስን ተወፋይነትን'ዩ። ኤርትራውያን መንእሰያት ኣብ'ቲ ምእንቲ መሰል ርእሰ-ውሳኔን ሓርነትን ኣንጻር መግዛእትን ጭቑናን ዝተኻየደ ህዝባዊ ሓርነታዊ ቃልሲ ኣብ ምንቅስቓስ ተመሃሮን መንእሰያትን ብዓቢኡ ኸኣ ኣብ ሓርነታዊ ሰራዊት ተወዲቦም ከም ኣነቓቓሕትን ወደብትን ተዋጋእትን ሃነጽትን መራሕትን ኣጐሳኳስትን መሪሕ ተራ ብምሓዝ ኣብ ዓወት ሰውራ ኤርትራ መሰረታዊ ግደ ኣበርኪቶም። ኣብ'ቲ ናጽነት ናይ ምዕቃብን ናጻ ሃገር ናይ ምህናጽን ዝበርትዐ መኸተ ኸኣ ብደምን ረሃጽን ሃገር ካብ ወረርቲ ዓቂቦም፤ ነዛ ብኽቡር መስዋእቲ ዝተረኽበትን ዝተሓለወትን ናጻ ኤርትራ ማዕረ'ቲ ዝተኸፍላ ክቡር ዋጋ ድልድልቲ፡ ዓዲ ራህዋን ፍትሕን ገስጋስን ንምግባራ ኣብ ልምዓትን ህንጻትን፡ ብእምነት፡ ብተወፋይነት፡ ብዕዮ ብፍልጠት፡ ብመሃዝነትን ጸኒዖም ይምክቱ ኣለዉ። በዚ ኸኣ ኤርትራውያን መንእሰያት ኣብ ርእሲ ጀጋኑ መኸተ ጀጋኑ ልምዓት ምዃኖም የመስክሩ ኣለዉ።

ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ ናይ'ዚ ዘሐብን ታሪኽ'ዚ ኣካል'ዩ። ካብ ናይ ዝሓለፈ ታሪኽ ኣካል ምዃኑ ንላዕሊ ግን ሃማመተኤ ናይ'ዚ ታሪኽ'ዚ ወራስን ቀጻልን ኣማዕባልን ከኸውን ሕጂን ንመጻእን ረዚን ሓላፍነትን ታሪኻዊ ተልእኾን ኣለዎ።

## ድሕረባይታ

ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ (ሃማመተኤ) መቐጸልታ ማሕበር ተመሃሮ ኤርትራ (ማተኤ) እዩ። መቐጸልታ ናይ'ቲ ኣብ ትሕቲ ጽላል ህዝባዊ ግንባር ብ1978 ኣብ ከረን ዝቖመ ሃገራዊ፡ ተቓላሲ፡ ፖለቲካዊ ማሕበር እዩ። ኣብ 1978 ብሃገራዊ ዉዳበን ጥምረትን ክብገስ ከሎ ድማ ቅድሚኡ ዝነበሩ ንሃገራዊ ንቕሓት ዘበርኹ መሰረት ቃልሲ ዝኾኑ ተብዓት ምንቅስቓሳትን ዉዳበታትን ናይ ኤርትራውያን ተመሃሮን መንእሰያትን መሰረት ጌሩ ዝቖመ'ዩ። ድሕሪ ምርግጋጽ መላእ ሓርነት'ውን እንተኾነ፡ ማሕበር፡ ነብሱ ምስ'ቲ ሓድሽ

ናይ ልምዓትን ህንጸትን መድረኽ ብምቅናይ፡ ኣብ ናይ ንቕሓት፡ ወፍሪ፡ መኸተ፡ ዜናን ሓበሬታን፡ ትምህርትን ስልጠናን፡ ባህልን ስፖርትን፡ መሃዝነትን መጽናዕትን ወዘተ ከይተሓለለ ክዓዪ ጸኒሑ።

## መንነት

- ኣገዳሲ ኣካል ህዝባዊ ግንባር ኮይኑ ብዘይ ኣፈላላይ ጾታ፡ ብሄር፡ ደርብን ካልእ ከፋፋሊ ረቛሕታትን ዝዉድብ ሃገራዊ ፖለቲካዊ ማሕበር'ዩ።
- ንልኡላውነት፡ ንልምዓት፡ ንሓርነት፡ ፍትሕን ማዕርነትን፡ ንረብሓን መሰልን መንእሰያት ዝቃለስ ሃገራዊ ማሕበር'ዩ።
- ንኽብርታት ሕብረተሰብን ህዝባዊ ግንባርን ከም ናቱ ዝቕበልን ዝኸስኽስን ዘማዕብልን፡ ንነውርታትን ድሕረትን ድማ ዝነጽግን ኣንጻሩ ዝቃለስን ማሕበር እዩ፡፡
- ወለንታውነት ዝመለለዩኡ፡ መንእሰያት ብናጻ፡ ብድሌቶምን ብፍቓዶምን ዝውደብሉ፡ ዝነጥፉሉን ዝቃለሱሉን ማሕበር'ዩ።

## ራእዩ

ንቑሕ፡ ውፉይን ብቑዕን መንእሰይ ምፍራይ

## ዕላማታት

- ምንቃሕ፡ ምዉዳብ፡ ምዕጣቕ ዝብል መሪሕ ዕላማ ምዕዋት።
- ፖለቲካዊ ስራሕ ቀዳምነት ብምሃብ፡ ናይ ምንቃሕን ምምልማል ካድራትን መደባት ምሕያል።
- ተሳትፎ መንእሰያት ኣብ መኸተን ልምዓትን ምኹስኳስ
- ጉዳይ ሃገር ቀዳምነት ዝህብ መንእሰይ ምምልማል
- ናይ ጽባሕ ዘተኣማምኑ ኣባላት ማሕበር ንምኹስኳስ ጉጅለታት ቀያሕቲ ዕምባባን ፊተውራርን ምምልማል (ኣብ ቁልዑ ብኣተኩሮ ምስራሕ)
- ተራን ቦታን መንእሰያት ደቀንስትዮ ንምዕባይ ምስራሕ



ምስ ተመሳሰልቲ ናይ ደገ ማሕበራት ብደረጃ ሃገር፡ ዞባን ኣህጉርን ዝምድናታት ምፍጣር

## ምምሕዳራዊ ቅርጺ

ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተማሃሮን ኤርትራ ብቐንዱ መንእሰያት ምንቃሕ፡ ምውዳብን ምዕጣቕን መሪሕ ዕላማ ሒዙ ዝነጥፍ፡ ምምሕዳራዊ ቅርጹ ብደረጃ ሃገር ንሳዋን ትካላት ላዕለዋይ ትምህርትን ሓዊስካ ኣብ ሽውዓተ ዞባታትን ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ኣብ ዝጥርነፉ ሽዱሽተ ክፍልታትን ንጥፈታቱ ዘሰላስል ሃገራዊ ማሕበር እዩ።

ክፍልታት ማእከላይ ቤት ጽሕፈት፡ ክፍሊ ምክትታል ዞባታት፡ ክፍሊ ምርምርን ምዕባለን፡ ክፍሊ ዜናን ባህልን፡ ክፍሊ ፕሮጀክት፡ ክፍሊ ስርሓት ወጻኢ ከምኡ’ውን ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን እየን። ኩለን ክፍልታት ነቲ “መንእሰይ ምንቃሕ ምውዳብን ምዕጣቕን” ዝብል መሪሕ ዕላማ ማሕበር ከዐውታ መምስ ናተን ዝሳነ ውጥን ስራሕን ገምጋምን የካይዳ።

ኣብ ዞባታት’ውን ብተመሳሳሊ ኣብ ቤት ጽሕፈት ዞባ ዝምእከላ ክፍልታት ኣለዋ፡ ንሳተን ድማ ክፍሊ ፖለቲካን ውዳበን፡ ክፍሊ ፕሮጀክትን ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን እየን።

# ንቕሓት፡ ውዳበ፡ ዕጥቂ!

ምንቅስቓስን መኸተን መንእሰያት ኤርትራ፡ ኣብ መቓን ሰፊሕን ወሳንን መኸተ ህዝቢ ኤርትራ ዝረአ እምበር፡ ካብ ኡ ተነጺሉ ዝረአ ኣይኮነን። ንራህዋን ዕብየትን ዝሰርሕ እዩ ድማ። (ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ዋዕላ መንእሰያት ናቕፋ፡ 2011)

ብቕዓት ሕብረተሰብ ብደረጃ ንቕሓት፡ ውዳበን ዕጥቂን መንእሰያት እዩ ዝምዘን። መንእሰይ ህላወን ምዕባለን ሕብረተሰቡ ከውሕስ፡ ረብሓታቱ ብንጹር ክፈልጥ ዘኽእሎ ፖለቲካዊ ንቕሓት፤ ብጥምረት ናብ ዕላማኡ ክግስግስ ዘኽእሎ ሓያል ውዳበ፤ መሰሉን ረብሓታቱን ዝከላኸለሉ ዕጥቂ የድልዮ። እቲ ብዓወት ዘመርሽ መስርሕ ወይ ኣገባብ ንሱ ስለዝኾነ፡ ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ ኣብዞም ሰለስተ ኣዕኑድ ብቕዓት ንምዕዋት ኣውራ ዕላማኡ ገይሩ መደባቱ ይሰርዕን የተግብርን።

## ▬ ንቕሓት ▬

ንቕሓት፡ እቲ ቀንዲ ምስጢር ስነ-ኣእምሮኣዊ ብቕዓትን ጥንካረን መንእሰያት እዩ። ሓደ መንእሰይ፡ እቲ ዝነብረሉ ሃገርን ሕብረተሰብን ከመይ ዝበለ እዩ? ካበይ መጺኡ? ሕሉፍ ታሪኹ እንታይ'ዩ? መጻኢ ትጽቢቱን ሃንቀውታኡን እንታይ እዩ? ብዕምቈት ዝፈልጥ እንተድኣ ኾይኑ፡ ብኡ መሰረት ካብ ሕሉፍ ታሪኽ ናይ ህዝቡ ዝቐሰሞ ተሞኩሮ ዘይርስዕ፡ እዋናዊ ብድሆታቱ ብመንጽር ውሽጣዊ ዘባዊን ዓለማዊን ኩነታት ኣጸቢቑ ዝርዳእ፡ ብዛዕባ መጻኢኡ ንጹር ራእይን ዕላማታትን ሃልይዎ፡ ናብኡ ዘብጽሕ ቅኑዕ መገዲ ኣረጋጊጹ ዝፈልጥ፤ ብሓባር ክሓስብን ክሰጉምን ዘኽእሎ ብሉጽ ባህልን ክብርታትን ዝውንን እንተድኣ ኾይኑ፤ ፖለቲካዊን ስነ-ኣእምሮኣዊን ብቕዓቱ ልዑል እዩ ክብሃል ይከኣል። መዐቀኒ ብቕዓት፡ እቲ ንቕሓት ዝፈጥሮ እምነት፡ ቅሩብነትን ተወፋይነትን ስለዝኾነ። ከምዚ ዓይነት ብቑዕ መንእሰይ

ዘለዎ ሕብረተሰብ ካብ ዝሓለኖ ዕላማ ክዕንቅፎ ዝኽእል ወይ መኣዝኑ ኣስሒቱ ናብ ድንጉር ሃዋህው ክሸሞ ዝኽእል ሓይሊ ከቶ የልቦን። እዚ ረቛሒ'ዚ ምስ ዘይህሉ ግን፡ እቲ ውጽኢት ብኣንጻሩ እዩ። ስለዚ ንቕሓት መንእሰያት እቲ ቀዳማይ መግለጺ ብቕዓት ሕብረተሰብ ስለዝኾነ፡ ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ ኸኣ ንቕሓት መንእሰያት ምዕባይ ቀዳምነት ሂቡ ዝሰርሓሉ ንጥፈት እዩ።

ማሕበር፡ ፖለቲካዊ ንቕሓትን ተሳታፍነትን መንእሰያት ንምዕባይ ዝተፈላለዩ መደባት ከተግብር ጸኒሑን ኣሎን። ዝተፈላለዩ ዓበይቲ ሰሚናራትን ኣስተምህሮታትን፡ ስልጠናታት ሕመረትን ካድርን፡ ዜናውን ባህላውን መደባት፡ ምንባብ መጎሳጎሲ ጽሑፋት፡ ዘተን ክትዕን፡ ምርኢት ፊልም ወዘተ ነዚ ዕላማ'ዚ ንምጭባጥ ብቐጻሊ ዝካየዱ መደባት እዮም።

ማሕበር፡ ኣብ'ዚ ሃገር ኣብ ገስጋስ ሓድሽ መድረኽ ዘላትሉ እዋን፡ ራእዩ ህዝብን መንግስትን ኣብ ዝጭበጥ ራህዋን ብልጽግናን ከም ዝበጽሕ ንምግባር፡ መንእሰያት ፖለቲካዊ ንቕሓቶም ክብ ከብልን ተሳታፍነቶም ኣብ ኩሉ መዳያት ከም ዝዓቢ ኣብ ምግባርን ሓደ ካብ ዓበይቲ መደባቱ እዩ።

ማሕበር ንቕሓት መንእሰያት ንምዕባይ ዘካይዶ ንጥፈታት ምስ'ቲ መንእሰያት ውዳበኦም ኣብ ምሕያል ዘካይዶ ንጥፈታት ተኣሳሲሩ ዝኸይድ እዩ።



# ውዳበ

ካልኣይ መግለጺ ብቕዓት፡ ወዳበ እዩ። ንቕሓት ኣዝዩ ኣገዳሲ ረቛሒ እኳ እንተኾነ፡ ብዘይ ውዳበ ዋጋ የብሉን። ምኽንያቱ ውዳበ ዕላማ ንምጭባጥ ሰብን ማልን ግዜን ዘወሃህድ ቀለቤት እዩ። ንንቕሓት ናብ ጥሙርን ኣድማዒን ዕዮ ዝቕይር ወሳኒ ረቛሒ ደረጃ ውዳበ ሰብን ጸጋታቱን እዩ። ብዘይ ብቑዕ ውዳበ ዝዕወት ዕላማ የሎን። መለክዒ ብቑዕ ውዳበ፡ ዝበኩር ወይ ዝግለል ዓቕሚ (ሰብ ይኹን መሳርሒ) ወይ ድማ ዝባኽን ግዜ ዘይምህላው እዩ። ትካላዊ ስርዒትን ኣሰራርሓን ድማ እቲ ካልእ ተወሳኺ መግለጺኡ እዩ።

ዝተወደበ መንእሰይ ክፈጥሮ ዝኽእል ሓይሊን ኣድማዕነትን፡ ካብ ታሪኽ ሰውራ ኤርትራ ንላዕሊ ዝምስክሮ የለን። ምኽንያቱ፡ ከም ህ.ግ. ገይሩ ንዓቕሚ ሒደት ህዝቢ ናብ ፍጹም ዘይጽዓድ ሓይሊ ክቕይር ዝኸኣለ ፖለቲካዊ ውድብ፡ ኣብ ዓለምና ተራእዩ ኣይፈልጥን። ትማሊ ይኹን ሎሚ መንእሰይ ኤርትራ፡ ብዘይ ዝኾነ ደገፍ ኣብ ዓቕሙ ተኣማሚኑ ንኹሉ መሰገደላት ሰጊሩ፡ ኣንጸባራቒ ታሪኽ ክሰርሕ ዘኽኣሎ ጸጋ፡ ስጡም ሓድነቱን ኣዝዩ ውዱብ ሱታፌኡ ኣብ ሃገራዊ ጉዳይን እዩ።

ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ፡ ብቐንዱ ናይ ውዳበ ትካል እዩ። ንመንእሰያት ብዝተፈላለየ ኣገባባት ብምውዳብ ድማ ኣብ ትሕቲ ጽላል ማሕበር ውልቃውን ሃገራውን ዕላማታት ንኽጭብጡ፡ ኣብ ቀጻሊ ስራሕ ጸኒሑን ኣሎን። ማሕበር፡ ብሰፊሕን ጸቢብን ኣገባባት፡ መንእሰያት ይውድብን የማእዝንን።

ሰፊሕ ውዳበ ንኹሎም ተመሃሮ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ከምኡ’ውን ኮለጃት፡ መንእሰያት ሰራሕተኛታትን ካልኦትን ይሓቑፍ።

ጸቢብ ውዳበ፡ ብደረጃ ሕመረት፡ ዝተፈላለያ ክለባትን ካድራትን ዝሰልጠኑ መንእሰያት ዝጥርንፍ ኮይኑ፡ ኣብ ንጥፈታት ማሕበር ብቐጥታ ዝሳተፉን ነቲ ስራሕ ውዳበ ብእወታ ዝጸልዉን መንእሰያት እዮም።

ውዳበ ብኣገባቡን ጽልዋኡን ብቐጻሊ እናተሓደሰ፡ እናረቐቐን እናዋሕለለን ክኸይድ ዘለዎ’ዩ። ስለዝኾነ ኸኣ፡ ምሕያልን ምስፋሕን ኩሉ ቀጻላታት ውዳበ ብቐዳምነት ዝስራዕ ውጥን ማሕበር ኮይኑ ይስርሓሉ ኣሎ።

# ሰፊሕ ውዳበ፡

ሓፈሻዊ ሰፊሕ ቁጽሪ ተመሃሮን መንእሰያትን፡ ኣብ ጩንፈር ቤት-ትምህርቲ፡ ትካል መንግስትን ግንባርን፡ ንኡስ ዞባን ምምሕዳር ከባቢን ይሓቑፍ። ኣብ ሰፊሕ ውዳበ ዝጥርነፉ ኣባላት ስሩዕ ፖለቲካዊ፡ ውድባውን ማሕበራውን ንቕሓት ኣብ ዘዕብዩ ሰሚናራት፡ መደብ ዋርሳ፡ ቅነ-መንእሰያት፡ ትምህርታውን ስፖርታዊን ውድድራት፡ ምርኢት ፊልምን ካልእ ንጥፈታትን ይሳተፉ።

## ውዳበ ተመሃሮ፥

ተመሃሮ ንልዕሊ 90 ሚእታዊት ካብ ኣባላት ሰፊሕ ውዳበ ማሕበር ዘቑሙ ኮይኖም፡ ካብ ማእከላይ ደረጃ ክሳብ ላዕለዋይ ትካላት ትምህርቲ ዘለዉ ተማሃሮ ኣብ'ዚ ወዳቤ'ዚ ይጥርነፉ።

ተመሃሮ ኣብ ኩሉ ደረጃታት ኣፍቀርቲ ትምህርትን ጥበብን፡ ሓያላትን በላሕትን፡ ኣንበብቲን ተመራመርትን፡ መሃዝትን፡ ኣኽበርትን ኣማዕበልትን ባህሊ፡ ህርኩታትን ብደረጃ ዓለም ተወዳደርትን ንክኾኑ፡ ኣብ ኩሉ ዓውድታት ትምህርቲ ጸብለል ንኽብሉ፡ ኩሉ ጎድናዊ ብቕዓት ንኽማዕብሉ፡ ሰፊሕ ሌላን ርጡብ ፍልጠትን ሰብኣዊ ባህሊ ንኽህልዎም ደራኺ ኣበርክቶ ዝገብሩ ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ይካየድ።

በብደረጃኦም ወነንቲ መደባቶም ክኾኑ ንምትብባዕን ናይ መሪሕነት ተሞክሮ ከማዕብሉ ንምድራኽን ምእንቲ ክከኣል፡ ነፍሲ-ወከፍ ቤት ትምህርቲ ወይ ኮለጅ (ከም ጩንፈር) ናይ ገዛእ ርእሳ ጉባኤ ብምክያድ ውዳበ ጩንፈር ዝመርሕ 11 ዝኣባላታ ኣካያዲት ኣካል ትመርጽ። ኩሉ



ኣብ'ታ ጨንፈር ዝግበር ንጥፈታት ካብ ምውጣን ክሳብ ምትግባርን ምግምጋምን ድማ ብመንእሰያት ከም ዝካየድ ይግበር።

ዓቕሚ መንእሰያት ኣብ ዝተፈላለየ መዳያት ንምፍታሽን ንምብራባርን ኣብ ኩለን ጨናፍር ኣብያተ-ትምህርቲ ዝተፈላለዩ ውድድራትን መደባትን ዝሓቑፍ ፌስቲቫል ጨንፈር፡ ከምኡ'ውን ኣብ ዝተፈላለየ ኣርእስትታት ዘተኮረ ንቕሓት መንእሰያት ዘዕቢ ሰሚናራት፡ ማእቶታዊ ንጥፈታት፡ መደብ ዋርሳ፡ ባህላዊ ጎስጓሳትን ካልእን ይካየድ።

መንእሰያት ተመሃሮ ኣብ ከባቢኦም ንዝርከቡ ቄልዑ ክሕብሕቡ፡ ፍቕሪ ክህቡ፡ ክስተምህሩ፡ ኣብነት ክኾኑ፡ ቈልዕነቶም ብደስታን ጸወታን ዳህሳስን ንኽሃንጽዎ ከበርክቱ'ውን ይሰረሓሉ'ዩ።

ሃማመተኤ ዘባ ሳዋን ትካላት ላዕለዋይ ትምህርትን ዓመት መጸ ከም ኣካል ናይ መደባቱ ምስ ኩለን ትካላት ላዕለዋይ ትምህርቲ ብምውህሃድ ብደረጃ ኮለጅን ኩለን ትካላት ላዕለዋይ ትምህርቲ ዝሳተፍኦ መዛዘሚ ጥሙር ፌስቲቫልን ከካይድ ጸኒሑ ኣሎ። ጽልዋኡን ኣገዳስነቱን እናዓዘዘ ይመጽእ ስለዘሎ ድማ ፍሉይ ቈላሕታ እናተዋህቦ ቀጻልነቱ ውሑስ ክኸውን ዘለዎ ምኳኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን።

ምስ'ዚ ኣብ ዝተኣሳሰር ተራን ኣበርክቶን ተመሃሮ ትካላት ላዕለዋይ ትምህርቲ ኣብ ሕብረተሰብ ከም ዝዓቢ ንምግባር'ውን ክሰረሓሉ ጸኒሑ ኣሎ። ምዕባይ ኣበርክቶ ተመሃሮ ኮለጃት ኣብ ሕብረተሰብ፡ ኣብ ርእስ'ቲ ንረብሓ ኣብ ከባቢኦም ዝጻወትዎ ተራ፡ ንገዛእ ርእሶም'ውን ማሕበራዊ መንነት ክጥርዩ፡ ሓባራዊ ሓላፍነት ክስከሙ፡ ናይ መሪሕነት ውሳኔ ልምምድ ክካይዱ፡ ኮማዊ ኣካይዳን ሂወትን ከመይ ይመስል ክስተማቕሩን ክዕዘቡን ስለዘኽእል ብዝሓየለ ኣድማዕነት ክሰረሓሉ ኣብ መደባት ማሕበር ተታሒዙ ኣሎ። ካብ'ቲ ብተመሃሮ ትካላት ላዕለዋይ ትምህርቲ ክካየዱ ተጀማሚሮም ዘለዉ ንጥፈታት፡ ኣብ ከባቢኦም



ንዝርከቡ ተመሃሮ ትምህርታዊ ሓገዝን ማሕበራዊ ኣተምህሮታትን ስልጠናታትን ምሃብ ከምኡ’ውን ኣብ ማእቶታዊ ልምዓታውን ንጥፈታት ምስታፍን ክጥቀሱ ይኽእሉ።

## ውዳበ መንእሰያት ሰራሕተኛታት

መንእሰይ ሰራሕተኛ ብዓቕምን ተመኩሮን ብዘለዎ ብልጫ ዓቢ ቈላሕታ ዝንበረሉ ሃገራዊ ጸጋ እዩ። ሰራሕተኛታት መንእሰያት በብዘለውዎ ናይ ስራሕ ቦታ ተወዲቦም፡ ኣብ ኩሉ መዳያዊ ንጥፈታት ማሕበር ተዋሳእነቶም ከሐይሉ ማሕበር ብኣተኩሮ ካብ ዝሰርሓሉ ንጥፈት እዩ።

መንእሰያት ሰራሕተኛታት ብቦታ ስርሖምን ኣብ ትካላቶምን ተወዲቦም ኣብ ኩሉ ዝተዋፈርሉ ዓውድታት ስራሕ ክብ ዝበለ ሞያውነት ከማዕብሉን ነብሶም ብቐጻሊ እናመሃሩ ዘየቋርጽ ምምሕያሽ ክገብሩን፡ ውሕሉልን ጽፉፍን ፍርያት ክፍርዩን በዚ ኸኣ ንብለላት ልምዓትን ህንጻትን ክኾኑ ዝድርኹ ዝተፈላለየ ሰሚናራትን ኣስተምህሮታትን፡ ከምኡ’ውን ሞያኦም ዘዕቢ ስልጠናታት ከም ዝወሃቦም ይግበር። ኣብ ማእቶታዊ ንጥፈታት ይሳተፉ፡ ትምህርታውን ስፖርታዊ ውድድራትን ዘጠቓለለ ቅነ መንእሰያትን የካይዱ።

ብዘይካ’ዚ መንእሰያት ሰራሕተኛታት ኣብ ምርምርን መጽናዕትን ዘለዎም ድሌትን ተበግሶን ንምሕያል ዝተፈላለዩ ምሁራት ብምዕዳም መጽናታዊ ስርሓት ከም ዝቐርበሎም ክግበር ከሎ፡ እቶም መንእሰያት ብወገኖም’ውን ኣብ ቁጠባዊ፡ ማሕበራዊ፡ ባህላዊን ፖለቲካዊን ኣርእስታት ዘተኮሩ መጽናዕትን ምርምርን ከካይዱ ዝያዳ ድፍኢትን







ምትብባዕን ይግበር።

ካብ ወርሒ መጋቢት 2015 ኣትሒዙ ኣብ ኣዳራሽ ጁንየር ክልተ ሰሙናዊ ናይ ዘተን ሰሚናርን ስሩዕ መደብ ክካየድ ጸኒሑ ኣሎ። እዚ መደብ ብዝተፈላለዩ ሓለፍቲ፡ ሞያውያንን ኣብ ዝተፈላለየ ኣርእስትታት መጽናዕታዊ ጽሑፋት ዘዳልዉ ምሁራትን ዝሳተፍዎ እዩ። ወደብትን ተሳተፍትን ናይ'ዚ ንጥፈት ኣባላት ጨንፈር ሰራሕተኛታት መንእሰያት ሃማመተኤ ዞባ ማእከል እዮም። እዚ መደብ'ዚ ናብ ኩለን ዞባታት ንምስፋሑ ብዕቱብ ይስረሓሉ ኣሎ።

## ውዳበ ደቀ'ንስትዮ፥

ሃማመተኤ ኩሉ መዳያዊ ሱታፌ ደቀ'ንስትዮ ንምርግጋጽ ስሩዕ መደባት ከተግብር ጸኒሑን ኣሎን። ገለ ካብቶም ብደረጃ ሃገር ዝካየዱ ንጥፈታት ምስ እንርኢ፡ ንምዕሩይነት ጆንደር መሰረት ዝገበሩ ሰሚናራትን ኣስተምህሮታትን፡ ንሞያዊ ብቕዓት ደቀ'ንስትዮ ዘዕብዩ ስልጠናታት፡ ኣብ መሪሕነት ክመጽን ብኣብነት ክመርሓን ዘኽእለን ናይ መሪሕነትን ርክባትን ትምህርቲ፡ ጎስጓስ ኣንጻር ጎዳእቲ ልምድታትን ኣተሓሳስባታትን፡ ብመልክዕ ዘተ፡ ክትዕ፡ ሓፈሻዊ ፍልጠት፡ ምርኢት ተንቀሳቓሲ ቪድዮን ኣብ ኩለን ዞባታት የካይድ።

ብዘይካ'ዚ ማሕበር ኣብ ትምህርትን ንዝደኸማ ደቀ'ንስትዮ ንምሕጋዝ፡ ምስ መሻርኽቱ ብምትሕብባር ፕሮግራም ሓገዝ ተወሳኺ ትምህርቲ ንዝደኸማ ደቀ'ንስትዮ ይህብ'ዩ።



## ውዳበ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ዘለዉ መንእሰያት

ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ኣብ ትምህርትን ስራሕን ንዘየለዉ ኣብ ሕርሻ፡ መጓሰን ንግድን ዝተዋፈሩ ሕብረተሰብ መንእሰይ ከምኡ'ውን ካብ ዓድታቶም ራሕቂ ኣብ ዘለዎ ኣብያተ ትምህርቲ እናተመላለሱ ንዝምሃሩ ተማሃሮ ምቹእ ዝነጥፈሉ ባይታ ንኽህልዎም ኣብ ግምት ብምእታው ዝዓለመ ውዳበ እዩ። በዚ መሰረት ድማ ንሽነታቶም ኣብ ግምት ዘእቱ ቅነ-መንእሰያት፡ ትምህርታዊ ውድድራት፡ ማእቶታዊ ንጥፈታት፡ ባህላዊን ስፖርታዊን መዳባት ዘጠቓልሉ ዝተፈላለዩ መደባት የካይዱን ይካየደሎምን።

## ተሳትፎ ሕብረተሰብ ኣብ መደባት ማሕበር

ጉዳይ መንእሰያት ንዝተወሰነ ኣካል ጥራይ ዝግደፍ ሓላፍነት ኣይኮነን። ተሳታፍነት ወለዲን ዝተፈላለዩ ኣካላት ሕብረተሰብን ኣብ ምምዕባልን ምሕያልን መንእሰያት ዕዙዝ ኣበርክቶ ኣለዎም።

## ሽማግለ ኣዕሩኽ መንእሰያት

ማሕበር ኣገዳስነት ተሳትፎ ሕብረተሰብ ኣብ መደባት ማሕበር ብምርዳእ፡ ተሳትፎ ሕብረተሰብ ኣብ ጉዳይ መንእሰያት ንምውሓስ ዝሕግዝ በብኸባቢኡ ብሽማግለ ኣዕሩኽ መንእሰያት ዝፍለጥ ውዳበ ከቕውም ጸኒሑ። እዚ ውዳበ'ዚ ኣብነታዊያን ወለዲ፡ ዓበይቲ ዓዲን ግዱሳት ውልቀ-ሰባትን ይሓቑፍ።



ሽማግለ ኣእዕሩኽ መንእሰያት ንመንእሰያት ምኽርን ማዕዳን ኣብ ምሃብ፡ ኣብ መንን መንእሰያትን ወለድን ዘሎ ናይ ኣተሓሳስባ ጋግ ኣብ ምጽባብ፡ ንመደባት ማሕበር ፋይናንሳውን ነገራውን ሓገዛት ኣብ ምብርካት ...ወዘተ ይነጥፍ። በዚ መሰረት ድማ ብውሱን ዓቕሚ ማእከል መንእሰያት ክሃንጹ ከምኡ'ውን ኣብ ዝተፈላለየ ንመንእሰያት ዝሕግዝ ምኽርን ማዕዳን ከምኡ'ውን ኣብነት ምዃን መደባት ክሳተፉ ጸኒሖምን ኣለዉን።

## ተሳትፎ ኣካላት መንግስቲ፡ ግንባርን ማሕበራትን ኣብ ጉዳይ መንእሰያት፥

ንመንእሰያት ዒላማ ገይሩ ዝካየድ መደባት ብውህደት ምስ ዝካየድ ዝያዳ ኣድማዕን ስሉጥን ይኸውን። ብኣካላት መንግስቲ፡ ግንባርን ማሕበራትን ኣብ መንእሰያት ኣተኲሩ ዝካየድ ንጥፈታት ዘየድሊ ብኽነትን ጸጋታትን ምድርራብ መደባትን ብምውጋድ፡ ኣብ መንእሰያት ዝካየድ ወፍሪ ኣበርክቶ ናይ ነብሲ-ወከፍ ኣካል ብዘርኢን ብውዱብን ኣገባብ ንምክያዱ፡ ማሕበር ካብ 2007 ጀሚሩ ዋዕላታት ምውህሃድ ኣካላት መንግስቲ፡ ግንባርን ማሕበራትን ኣብ ሕቶ መንእሰያት ብደረጃ ዞባታት ክካየድ ጸኒሑ። እዚ ምውህሃድ'ዚ ኩለን ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ምስ መንእሰያት ኣብ ዝተኣሳሰር ስርሓት ዝነጥፋ ኣካላት መንግስቲ፡ ግንባርን ማሕበራትን ንጥፈታተን ምስ ሃማመተኤ ብምውህሃድ ከካይድኦ ዝጠልብ እዩ።

ከም ውጽኢት ናይ'ዚ ውህደት'ዚ ድማ ኣብ ኩለን ዞባታት ዝተፈላለዩ ንቕሓት መንእሰያት ዘዕብዩ ጎስጓሳዊ መደባት፡ መደባት ስልጠና፡ ምህናጽ ማእከላት መንእሰያት፡ ፋይናንሳዊ ደገፍ ንመደባት ማሕበርን፡ ቅነ-መንእሰያትን ተማሃሮን ብውህደት ክትግበር ክኢሉ ኣሎ። መንእሰያት ንምምዕባልን ንምሕያልን ኣብ ዝግበር ስርሓት ኩለን



ኣካላት መንግስቲ፡ ግንባርን ማሕበራትን ኣብ ሕቶ መንእሰያት ብናይ ሓባር ሓላፍነት ብውህደት ክሰርሓ ምኽኣለን ብኣብነት ክጥቀስ ዝኽእል ዓወት'ዩ ክብሃል ይክኣል።

## ፌስቲቫላትን ቅነ-ውዳበታትን

ማሕበር ንቕሓት መንእሰያት ክብ ንምባል ካብ ዘካይዶም መደባት፡ እቲ ዝሰፍሐን ዝያዳ ጽልዋ ዘለዎን ፌስቲቫላትን ቅነ-ውዳበታትን እዩ። ቅነ-ውዳበታት መንእሰያት ብደረጃ ጨንፈር፡ ንኡስ ዞባን ዞባን ኣብ ዝተፈላለያ ክለባት ተወዲቦም ዘሰላስልዎ ንጥፈታት ዘንጸባርቕሉ፡ ፈጠራዊ ስርሓቶም ንወለድን ካልኦት መንእሰያትን ዘላልይሉን ሓድሕድ ተመኩሮ ዝለዋወጥሉን መድረኽ እዩ። ብሕልፊ ኣብቲ ኣብ ሰፊሕ ውዳበ ዝሕቑፉ መንእሰያት ድማ ጽልዋኡ ዓብዩ እዩ።

### ሃገራዊ ፌስቲቫል መንእሰያት

ሃገራዊ ፌስቲቫል መንእሰያት ኤርትራ (Eri-Youth Festival) ካብ 2004 ጀሚሩ ምስ መመረቕታ ሓደ ዙርያ ተተሓሒዙ ክልተ ዓመታዊ ምስ ማእከል ስልጠና ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ሳዋን ካልኦት ዝምልከቶም መሻርኽትን ብምትሕብባር ኣብ ሳዋ ዝካየድ እዩ። ዕላማ ሃገራዊ ፌስቲቫል መንእሰያት፡ መንእሰያት ነቲ በብውልቆም ይኹን ኣብ ጉጅለኦም ከካይድዎ ዝጸንሑ መደባት ዘቕርብሉ ባይታ ምፍጣርን ካብ ሓድሕድ ተመክሮታት ምምሃርን እዩ። እዚ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ክልተ ዓመት ኣብ ሳዋ ዝካየድ ፌስቲቫል መንእሰያት ጥራይ ዘይኮነ ፌስቲቫላት ጨናፍር ኣብያተ ትምህርቲ ይኹን ትካላት ላዕለዋይ ትምህርቲ ከም ኣካል እቲ መሰረታዊ ስራሕ ማሕበር ማለት፡ መንእሰያት ምንቃሕ፡






ምውዳብን ምዕጣቕን ተራእዩ ዝኸይድ ንብዙሕ መደባት ማሕበር ኣብ ውሽጡ ዝሓቁፍ መደብ ስለዝኾነ፡ ክወቕዖም ዝድለ ዕላማ’ውን ከም ኣካል ናይ’ቲ ኣብ መንእሰያት ክውቃዕ ዝድለ ዕላማ ዝረአ እዩ።

ሃገራዊ ፌስቲቫል መንእሰያት ብውዳበኡን ትሕዝቶኡን እናማዕበለ ዝመጽእ ዘሎ ኮይኑ፡ ምርኢት ልምዓታዊ መደባት፡ ምርኢት ቴክኖሎጂ ሓበሬታ፡ ብመንእሰያት ዝተዳለዉ ኣብ ጉዳይ መንእሰያት ዘተኮሩ መጽናዕታዊ ጽሑፋት፡ ሰሚናራት ብዓበይቲ ካድራት ግንባርን መንግስትን ኣብ ህሉው ኩነታት ሃገርናን ዞባናን፡ መደብ ዋርሳ፡ ያታዊን ዘመናውን ውድድራት ስፖርት፡ ባህላዊ ንጥፈታት፡ ቁሸት መንእሰያት፡ ፍርያት ምህዞን ሰንዓን፡ ውድድራት ሓፈሻዊ ፍልጠት፡ ሽልማት ሶይራ፡ ሽልማት ሳዋ (ኣብ ወጻኢ ናይ 2ይ ደረጃ ትምህርቶም ብዓወት ንዝዛዘሙ)፡ ክትዕ፡ መደረ፡ ሓባራዊ ዘተ፡ ትርኻ ጅግንነት፡ ዕላል ምስ ሰማእታትን ዝኣመሰሉ ሕብራውያን መሰጥቲ መደባትን ክእንገዱ ጸኒሖምን ኣለዉን። ወደብትን ተግበርትን ናይ’ዚ ምዕሩግ መደብ’ዚ መንእሰያት ብምዃኖም ድማ፡ ውህሉል ዓቕሚ መንእሰያት ብደረጃ ውጥን፡ ትግባረ፡ ሓላፍነትን ተሳታፍነትን ዝግምገመሉ ኣጋጣሚ’ዩ ክብሃል ይክኣል።

## ኣብ ሰራዊት ዝካየዱ መደባት

ኣብ ሰራዊት ሓፈሻዊ መደባት ብምስራዕ ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ከም ዝካየድ ይግበር። ጥርኑፍ ባህላዊ መደባትን ሰሚናራትን ካብ’ቶም ኣብ ሰራዊት ክካየዱ ዝጸንሑ ንጥፈታት እዮም። ብመገዲ መጽሔት መንእሰይ’ውን ናይ ጎስጓስን ሓበሬታን መስርሕ ክካየድ ጸኒሑ ኣሎ። ኣብ ውሽጦም ንዘካይድዎ ባህላውን ስነጥበባውን መደባት’ውን ኣብ

መኣዲ ስነጥበባት ዜናዊ ሽፈነ ክረክብ ክስረሓሉ ጸኒሑ ኣሎ። ኣብ መጸኢ መምስ ኩነታት ዝኸይድ ተወሰኽቲ ንጥፈታት ንምክያድ'ውን ማሕበር ኣብ መደባቱ ኣስፊርዎ ኣሎ።

## ስርሓት ዜና

ማሕበር ዝበዝሐ ዕማማቱ ፖለቲካዊ፡ ማሕበራውን ቁጠባውን ንቕሓትን ኣፍልጦን መንእሰያት ክብ ብምባል፡ መንእሰያት ንጡፋት ተሳተፍቲ ኣብ ሃገራዊ ጉዳያት ከምዝኾኑ ምግባር ኮይኑ፡ ሓደ ካብ'ቲ ኣብ ሰፊሕ ውዳበ ዝዓበየ ኣገባብ ንቕሓት መንእሰያት ክብ ንምባል ዝጥቀመሉ ኸኣ እቲ ብመንገዲ መራኸቢ ብዙሃን ዝካየድ መማእዘኒ መደባት እዩ።

መንእሰያት ናይ ትምህርቲ፡ ሓበሬታን ምዝንጋዕን ኣገልግሎት ንኽረኽቡ፡ ዝተፈላለዩ ኣገባባት መራኸቢ ብዙሃን ብምጥቃም፡ ሓያል ጻዕሪ ከካይድ ጸኒሑን ኣሎን። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ማሕበር፡ ብቋንቋታት ትግርኛ፡ ዓረብ፡ ትግረ፡ ዓፋር፡ ኩናማን ሳሆን ዝሕተማ መጽሔታት







ከምኡ’ውን ዌብሳይትን ብሮሹራትን ብምድላው ንመንእሰያት ዘገድሱ ትምህርታዊ፡ ሓበሬታውን ኣዘናጋዕን ትሕዝቶ ይዝርግሕ።

ምስ ሚኒስትሪ ዜና ብምትሕብባር ድማ፡ ኣብ ሃገራዊ መራኽቢ ብዙሃን (ጋዜጣ፡ ሬድዮን ተለቪዥንን) ማሕበራዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ባህላውን ቁጠባውን ንቕሓት መንእሰያት ክብ ዘብል፡ መሃርን ኣዘናጋዕን ሰሙናዊ ዜናዊ መደባት ብምድላው፡ መንእሰያት ርእይቶታቶም ዘቕርብሉን ድምጾም ዘስምዕሉን መድረኽ ፈጢሩ ይርከብ።

ነቲ ማሕበር ብመገዲ መራኽቢ ብዙሃን፡ መንእሰያት ናይ ምንቃሕ፡ ምውዳብን ምዕጣቕን ዘካይዶ መስርሕ ዝያዳ ናህርን ድርኺትን ንምፍጣርን ምስ መሻርኽቲ ብፍላይ’ኳ ምስ ሚኒስትሪ ዜና ኪቕጽል ዝጸንሐ ናይ ሓባር ስራሕ ብዝተወሃሃደ ኣገባብ ንምሕያሉን ብዝሓየለ ኣድማዕነት ንምቕጻሉን በብእዋኑ ሓባራዊ ገምጋም ስራሕ ይካየደሉን መመሓየሺ ሓሳባት ይፈስሉን።

## ስርሓት ወጻኢ፥

ኣብ ወጻኢ ንዘለዉ ኤርትራውያን መንእሰያት ብዝምልከት፡ እቲ ብዝያዳ ክሰርሓሉ ዝጸንሐ ንጥፈት፡ መንእሰያት ናብ ሃገሮም ኣብ ዝመጽሉ እዋን ክሰላሰሉ ዝጸንሑ መደባት ኮይኖም፡ መደብ ዙራ ንሃገርካ፡ ሽልማት ሳዋ፡ ተሳታፍነት ኣብ ሃገራዊ ፈስቲቫል መንእሰያት ገለ ካብ’ቲ ንተሳትፎ ኣብ ወጻኢ ዘለዉ መንእሰያት ዝያዳ ኣተኩሮ ሂቡ ክካየድ ዝጸንሐ ንጥፈታት እዮም።

መደብ ዙራ ንሃገርካ፡ መንእሰያት ምስ ሃገሮም ንምልላይ፡ ናጽነትን ንምምጻእን ልኡላውነት ንምዕቃብን ዝተሓልፈ ቃልሲ ንምግንዛብ፡





ምስ ባህልን ክብርታትን ህዝቦም ንምልላይ፡ ምስ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘለዉ መንእሰያት ሌላን ዝምድናን ንምፍጣርን ንምሕያልን ከምኡ’ውን ኣበርክትኦም ኣብ ኵለንተናዊ ዕቤትን መኸተን ንምዕዛዝ ዓመታዊ እናተወደበ ይትግበር። በዚ መንፈስ እዚ ድማ መንእሰያት ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ዑደት እናካየዱ ግዜ ዕረፍቶም መንፈሶም ብምሕዳስን ኣፍልጦኦም ብምዕባይን ዘሕልፍዎ ቁጽሪ መንእሰያት ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናዕበየ ይመጽእ ኣሎ።

ብኻልእ መዳይ ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ኤርትራውያን መንእሰያት ኣበርክቶኦም ኣብ ማሕበር ይኹን ካልኦት ትካላት ንምዕዛዝ ግብራዊ ተሞክሮ ዝቐስምሉን ወለንታዊ ሃገራዊ ኣገልግሎት ክገብሩ ዝያዳ ይጉስጉስን የተባብዕን።

ኣብ ሳዋ ኣብ ዝቃናዕ ሃገራዊ ፌስቲቫል መንእሰያት’ውን፡ ኣብ ወጻኢ ዝቕመጡ ኤርትራውያን መንእሰያት ብዝተወደበ መልክዕ ኣብ መደባት እቲ ጽንብል ከም ዝሳተፉ ይግበር። ኣብ ስፖርታዊ ውድድራት፡ ሓባራዊ ዘተ፡ ሰሚናራት፡ ኣህጉራዊ ዋዕላታት፡ ክትዕን ውድድራት ሓፈሻዊ ፍልጠትን፡ መደባት ዋርሳን ካልእን ድማ ብንጥፈት ይዋስኡ።

ኣብ ዝተፈላለዩ ዞባዊን ኣህጉራውን ኣኼባታትን ዋዕላታትን ብምስታፍ ድማ መርገጺ ማሕበር ኣብ ዝተፈላለዩ ዛዕባታት ኣብ ምንጻር ጸላዊ ስራሕ ይሰላሰል።

## መኣዲ ስነ-ጥበብ

ስነጥበብ ንድሌታትን ባህግታትን መንእሰያት ኣብ ርእሲ ምንጽብራቑ፡ መግለጺ ውልቃውን ሓባራውን መንነት እውን እዩ።

ተራ መኣዲ ስነ-ጥበብ፣ ኣብ ምብርባር መሃዝነት መንእሰያት፣ ምምካት ኣንጻር ባህላዊ ወራር፣ ከምኡ'ውን ኣብ ምሕያል ያታዊ ሃገራዊ ባህሊ ልዑል ተራ ኣለዎ። ስለዚ መኣዲታት ስነ-ጥበብ ኣብ ሰፊሕ ውዳበ ዝህልዎ ጽልዋን ኣበርክቶን ዓብዪ ስለዝኾነ፣ ኣብ ምሕያሉ ብደረጃ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ይኹን ዞባታት ማሕበር ብግቡእ ዝሰረሓሉ ንጥፈት እዩ።

መኣዲ ስነጥበብ መለለዪ ስማት ይህልወንን ስሩዕ መደባት የካይዳን። እቲ ብደረጃ ሃገር ዝውደብ መደብ መኣዲ ስነጥበብ ንኹለን ዞባታት ዘሳትፍ ይኸውን። እቲ ብደረጃ ዞባ ዝውደብ ድማ ውጽኢት ናይ'ቲ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ዝካየድ ስሩዕ መኣዲታት ስነ-ጥበብ ይኸውን።

## ዓውደ መጽናዕትን ዋዕላታትን፡-

ዓውደ መጽናዕትን ዋዕላታትን'ውን ካልእ ኣካል ንጥፈታት ማሕበር እዩ። ሽግራት መንእሰያት ኣብ መጽናዕቲ ዝተመርኮሰ ፍትሓት ንምንዳይ፣ ማሕበር ኣብ መጽናዕታዊ ወረቓቕቲ መሰረት ዝገበሩ ዋዕላታት ክካየድ ጸኒሑ እዩ። ኣብ ሃገራዊ ፌስቲቫል መንእሰያትን ካልእ ፍሉይ ኣጋጣሚታትን ዘቤታዊ፣ ዞባውን ኣህጉራውን ብድሆታት መንእሰያት ንምፍታሽን ግብራዊ ፍትሓት ንምንዳይን ዋዕላታት ክካየዱ ጸኒሖም'ዮም።





## ጸቢብ ውዳበ

እቲ ካልእ ማሕበር መንእሰያት ንምውዳብ ዝጥቀመሉ ኣገባብ ብጸቢብ ውዳበ ዝፍለጥ እዩ። ኣባላት ጸቢብ ውዳበ፡ ጽቡቕ ፖለቲካዊ፡ ውድባዊን ምምሕዳራውን ትምህርቲ ዝቐሰሙን ኣብ ኩሉ ዕለታዊ ንጥፈታት ማሕበር ቀጥታዊ ምውሳእ ዘለዎምን እዮም። ኣብ ጸቢብ ውዳበ ዝጥርነፉ ተመሃሮ ብኣሃዱ ቀያሕቲ ዕምባባ፡ ፊተውራር፡ ሕመረት፡ ካድራትን ክለባትን ይፍለጡ።

ኣብ ጸቢብ ውዳበ ንዝርከቡ ኣባላት ካብ ዝግበር ቀጻሊን ልሙድን ንጥፈታት፡ ፖለቲካዊ ትምህርቲ፡ ምንባብ መጎሳጎሲ ጽሑፋት፡ ሰሚናር፡ ሓባራዊ ዘተ፡ ስልጠና መሪሕነትን ምሕደራን፡ መደብ ዋርሳ፡ ዑደት ኣብ ታሪኻውን ልምዓታውን ቦታታት፡ ምርኢት ፊልም ወዘተ ይርከብዎም።

### ውዳበ ቀያሕቲ ዕምባባ፥

ውዳበ ቀያሕቲ ዕምባባ ሓደ ካብ'ቶም ብማሕበር ብኣተኩሮ ክስረሓሉ ዝጸንሐን ዘሎን ኣብ ምምእዛን ቈልዑ ዘቕንዐ ንጥፈታት ማሕበር'ዩ።

ማሕበር ኣብ ቈልዑ ኣተኩሩ ዘካይዶም ንጥፈታት ቀንዲ ዕላማኡም ታሪኽ ህዝባዊ ግንባር ክፈልጡ፡ ክብርታት ሕብረተሰብ ኤርትራን ህዝባዊ ግንባርን ክወርሱን ክሰጋግሩን ከምኡ'ውን ንመጻኢ ዘተኣማምኑ መንእሰያት ኮይኖም እሙናት ተካእቲ ማሕበርን ህዝባዊ ግንባርን ኮይኖም ክም ዝምልመሉ ምግባር እዩ።



ውዳበ ቀያሕቲ ዕምባባ ከም ኣካል መመልመሊ ሕጹያት ሕመረት'ውን ከገልግል ጸኒሑ ኣሎ። ብኽለብ ቀያሕቲ ዕምባባ ሓሊፉ ናብ ሕመረት ዝበጽሕ ቈልዓ፡ ንመዛኑኡ ኣርኣያ (ሞዴል) ብምዃን እወንታዊ ጽልዋ ከስርጽ ትጽቢት ይግበረሉ።

ኣብ ቈልዑ ኣተኵሮም ካብ ዝካየዱ ንጥፈታት ኣብ ሰውራ ዝፈረዩ ደርፍታትን መዛሙርን ከም ዝደግሙን ከም ዝለማመዱን ይግበር፤ ምስ ዓቕሞም ዝኸይድ መባእታዊ ትምህርቲ መንነትን ታሪኽ ኤርትራን ይወሃቦም፤ ዝተዳለወ መባእታዊ መምሃሪ መጻሕፍትን ብሮሹራትን ብሓባር የንብቡን ይካትዑን፤ ንዕኦም ዒላማ ገይሮም ኣብ ዝተዳለዉ ናይ መዛሙር፡ ደርፍታት፡ ድራማታትን ካልእ ጥበባዊ ስርሓትን ብሓባር ይከታተልዎን ይደግምዎን። ብመገዲ መራኸቢ ብዙሃን እውን ኣብ ጋዜጣ፡ ሬድዮን ተለቪዥንን ሰሙናዊ ኣነቓቓሕቲ መደባት ይዳሎን ተሳተፍቱ ክኾኑ ምትብባዕ ይግበረሎምን።

## ውዳበ ፈተውራሪ

ውዳበ ፈተውራሪ መቐጸልታ ውዳበ ቀያሕቲ ዕምባባ ኾይኑ ብቑዓት ሕጹያት ሕመረት ንምምስራት ዘኽእል ኣገባብ ውዳበ እዩ። ኣብ'ዚ ውዳበ ዝጥርነፉ ተመሃሮ ማእከላይ ደረጃ ኮይኖም፡ ስልጠና ፈተውራሪ 8ይ ክፍሊ ይወሃብ። ካብ ነፍሲወከፍ እብረ ድማ ሓንቲ ጉጅለ ትምስረት።

ውዳበ ፈተውራሪ ነቲ ካብ ሰፊሕ ውዳበ ብቐጥታ ናብ ክለባት ዝሰጋገርሉ ዝነበሩ መስርሕ ዝሓሸ ኣገባብ ኮይኑ ስለእተረኽበ እዩ ኣብ'ዚ እዋን ዳግም ተራእዩ ክስረሓሉ ኣተኲሮ ተዋሂብዎ ዘሎ።

ኣውራ ዕማም ውዳበ ፈተውራሪ ንምዛኑ ምንቃሕ፡ ምምእዛንን ምጽላውን እዩ።

## ውዳበ ሕመረት፥

ኣብ ውዳበ 2ይ ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ ብትኹረት ካብ ዝስረሓሉ ዓውድታት ሓደ ጉዳይ ሕመረት እዩ። ብቑጽሪ ክረአ እንከሎ 4% ካብ ኣባልነት ሰፊሕ ውዳበ ይውክል።

ሕመረት ንማሕበር ከም ሞተር ዘንቀሳቕሱ፡ ኣብ ኩሉ ንጥፈታት ማሕበር ብተወፋይነት ዘገልግሉ ኣባላት ይሓቁፍ። ሕመረት ቀንድን መሰረትን ናይ ሰፊሕ ውዳበ ከም ምዃኑ መጠን፡ ብዓይነቶም ብሉጻት







ኣባላት ሕመረት ምፍራይ፡ ኣተኲሮ ማሕበር ካብ ዝጸምዱ ስርሓት እዩ።

እቶም ናብ ሕመረት ዝሰጋገሩ ኣባላት ማሕበር፡ ካብ ፊተውራሪ ዝሓለፉ ምሩጻትን ዓቕሞም ዘመስከሩን መንእሰያት እዮም።

መስርሕ ምልላይ ኣባላት ምስተኻየደ፡ ኣባላት ንዘጥረይዎ ንቕሓትን ብቕዓትን ንምዕባይ፡ ኣፍልጥኦም ብዛዕባ ማሕበር ዘዕሙቕ፡ ናይ መሪሕነትን ርክብን ክእለቶም ዘዕቢ ስልጠናታት፡ ኣብ ዝተፈላለየ ኣምራትን ክልሰ-ሓሳባትን ዘለዎም መረዳእታ ዘበርኽ ኣስተምህርቶታት፡ ወዘተ ከም ዝቐስሙ ይግበር።

ንዝያዳ ምክትታል እቲ ስልጠና ካብ 9ይ ክፍሊ ዝምጅምር ኮይኑ፡ ኣብ ሓደ እብረ ሓንቲ ኣሃዱ (ካብ 25 ክሳዕ 30 ኣባላት ዝሓዘት) ትስልጥን።

ነዚ ጥሙር ስልጠናን ኣስተምህሮታትን ምስ ቀሰሙ ድማ፡ ኣብ ጨናፍር ኣብያተ-ትምህርቶም፡ ቦታ ስርሖምን ከባቢኦምን፡ መራሕቶም ብምምራጽ፡ ኣብ ግብራዊ ስራሕ ከም ዝሳተፉን ከም ዝጽመዱን ይግበር። ነቲ ዝተማህርዎ ኣርእስታት ብግቡእ ከምዝፈልጥዎን ዝርድእዎን ንምግባር ድማ ናይ ዘተን ክትዕን መደባት ይስርዓሎን'ዩ።

ውዳበታት ሕመረት በብግዚኡ ዕቤት እናርኣየ ክኸይድ'ኳ እንተጸንሐ፡ ማሕበር ኣብ ጉዳይ ኣተሓሕዛ ዘድሊ ገምጋም ድሕሪ ምክያድ፡ እቲ ውዳበ ብዝጸበበ ክትሓዝን ኣብ ክንዲ ኣብ ቁጽሪ ኣብ ዓይነት ብኣተኲሮ ክስራሕን ብምውሳን ኣብ ግብራዊ ስራሕ ይርከብ።

## ውዳበ ክለባት፥

ካልእ መንእሰያት ኣብ ጸቢብ ውዳበ ናይ ምጥርናፍ ኣገባብ ዝተፈላለያ ክለባት ብምቛም ይካየድ። እዚ ውዳበ'ዚ ንቕሓትን ኣፍልጦን መንእሰያት ዘዕቢ ኣብ ርእሲ ምዃኑ መንእሰያት ዝንባሌታቶምን ዕቑር ዓቕምታቶም ኣለልዮም ናብ ዝለዓለ ደረጃ ንኽማዕብልዎ ባይታ ዝፈጥር እውን'ዩ። ተመሃሮ ብመሰረት ዘለዎም ዝንባሌታት እናተጠርነፉ ክለባት የቑሙ። ዛጊት በቲ ዝድለ ደረጃ ዓብየን'የን እኳ እንተዘይተባህለ ብውሱን ቁጽርን ደረጃ ምዕባለን ክለብ መሪሕ፡ ክለብ ስነጥበብ፡ ክለብ መጽሓፍን ክለብ ሚኒሚድያን በብዞባኡ ቈይመን ድሓን ዝኾነ ንጥፈታት ኣብ ምክያድ ይርከባ። እዘን ክለባት መነጣጠፊ ናይ'ቶም ኣብ ሕመረትን ካድርን ዝተወደቡ ኣባላት ጸቢብ ውዳበ'የን። ንዝበዝሑ መንእሰያት ጽልዋኦም ዘሕድርሉ ኣገባብ እዩ ድማ።

### ክለብ መሪሕ

ክለብ መሪሕ ብካድራት እትቘውም ክለብ እያ። ዕላማታት መሪሕ፡- ወለንታውነት ምዕባይ፡ ድስፕሊንን ስነ-ምግባርን ምህናጽ፡ ጸጥታ ቤት ትምህርቲ ምኽባር፡ ጸጥታዊ ውሕስነት ከባቢኦም ምርጋግጽ፡ ኲሎም ጸረ-ጸጥታ ዝበሃሉ ተርእዮታት ተከላኸል።

እዛ ክለብ ብመሰረቱ ኣብ ኲሉ ንጥፋታት ማሕበር ብኣብነት ዝሰርሑ ኣባላት ዘለዉዋ ክትከውን የድሊ። ንጥፈታት ክለብ መሪሕ ኣብ ኣብያተ-ትምህርቶም ኣብ ዝካየድ ንጥፈታት መሪሕ ተራ ይጻወቱ፡ ብደረጃ ናይ ተመሃራይ ኣብ ከባቢ ኣብያተ-ትምህርቶም ናይ ትራፊክ ኣገልግሎት የካይዱ፡ ኣብ ግዜ ሃገራውን ኣህጉራውን በዓላት ከምኡ'ውን ፌስቲቫላት ኣብ ምምዕራግን ምሕላውን ምትሕግጋዝን ይዋስኡ፡ ተመሃሮ ኣብ ምስራዕን ጸጥታ ቤት ትምህርቲ ኣብ ምሕላውን ኣበርክቶኦም የዕዝዙ፡ ኣብ ምኽባር ወርቃውያን ሕጋጋት ኣብነታውን መሪሕን ተራ ይጻወቱ፡ ኣብ ዝካየዱ ንጥፈታት ማሕበር ብኣብነት ይሳተፉን ይሰርሑን።

### ክለብ ስነ-ጥበብ

ስነጥበብ ንድሌታትን ባህግታትን መንእሰያት ኣብ ርእሲ ምንጽብራቑ፡ መግለጺ ውልቃውን ሓባራውን መንነት እውን እዩ። ክለብ ስነጥበብ፡ መንእሰያት ተመሃሮ ሃገራዊ ባህሊ፡ መንነት፡ ሃገራውነትን ክብርታትን ክስተማቕሩን ክዕቅቡን ስለዝሕግዞም ብመደብ ዝስረሓሉ'ዩ።



## ክለብ መጽሓፍ፥

ኣብ መንእሰያት ባህሊ ንባብ ብምስራጽ ብሕልፊ ተመሃሮ ኣዕሩኽ መጻሕፍቲ ከም ዝኾኑ ንምግባር ማሕበር ካብ ቅድም ኣትሒዙ ክነጥፈሉ ዝጸንሐ መደብ ስራሕ'ዩ። ኣብ ጨናፍር ኣብያተ ትምህርቲ ይኹን ብደረጃ ን/ዞባ ክለብ መጽሓፍ (ቡክ ክለብ) ብምቛም ብወገን ማሕበር ዓቕሚ ዝፈቕዶ ቀረባት መጻሕፍቲ ብምቕራብን ኣባላት'ውን ኣብ ነንሓድሕዶም ናይ መጻሕፍቲ ምልውዋጥ ኣገባባት ብምእታው ክስረሓሉ ጸኒሑ ኣሎ።

## ክለብ ሚኒሚድያ

ኣባላት እዚ ክለብ ካብ 2ይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ዝተዋጽኡ ኮይኖም ኣብ ውሽጢ ቤት ትምህርቶም ንዝርከቡ ኣባላት ሓበሬታ ናይ ምዝርጋሕ ስራሕ ብምክያድ፡ ንመዘናታቶም ይጸልዉን ንእግረ መገዶም ድማ ናይ ጋዜጠኝነት ሞያ የማዕብሉን።

ኣባላት ሚኒሚድያ፡ ኣብ ቀጽሪ ቤት ትምህርቶም ብዝርከቡ መጉልሒታት ድምጺ ብምጥቃም ናይ ፈነወ መደባት ምክያድ፡ ብኢድ ዝተጻሕፉ ተለጠፍቲ ጋዜጣታት ብምድላው ተመሃሮ ብቐረባ ክርእይወን ኣብ ዝኽእሉ ቦታታት ብምጥቃዕ ሓበሬታታት ይዝርግሑ።

ኣባላት ሚኒሚድያ ኣብ በብጉጅለ ተመቓቒሎም ኣብ ዘዳለውዎ መደባት ሓድሕዳዊ ርእይቶታትን ሃናጺ ነቐፌታታትን ይወሃሃቡን ዓቕሞም የዕብዩን።

## ውዳበ ካድራት

ውዳበ ካድራት መቐጸልታ ሕመረት እዩ። ኣባላቱ ብብዝሕን ብዓይነትን ንምድንፋዕ በብእዋኑ መባእታዊ ስልጠና ሲቪክስ ይወሃቦም። ሲቪካዊ ትምህርቲ፡ መንእሰያት ንቕሓቶም ብምዕባይ፡ ኣብ ሂወቶምን ሂወት ሕብረተሰቦምን ብሓላፍነት ዝሕተትሉ ውሳኔታት ንኽወስዱ ኣኽኣሊ ኩነታት ንምፍጣር ዝሕግዝ ዓውደ-ትምህርቲ'ዩ። ማሕበር፡ ኣገዳስነት ሲቪካዊ ትምህርቲ ብምርዳእ ካብ 2005 ጀሚሩ ከም ኣካል ስሩዕ ንጥፈታቱ ጌሩ ክሰርሓሉ ጸኒሑ ኣሎ።

ኣብ'ዚ ስልጠና ዝሳተፍ ኣባል፡ ብዛዕባ መሰላት፡ ግቡኣትን ሓላፍነትን ዜጋታት ንምርዳእ ዘኽእሎ፡ ብዛዕባ ፖለቲካዊ፡ ማሕበራዊ፡ ቁጠባዊን ህሉዊ ኩነታት ሃገሩን ዓለምን ንምግንዛብ ዘኽእሎ ዝተፈላለዩ ኣርእስታት ከም ዝምሃር ይግበር። በዚ መሰረት፡ ስነ-ሕብረተሰብ፡ ስነ-ምግባር፡ ስነ-ሓሳብ፡ መንግስትን ሓይልን ስልጣን፡ ልኡላውነትን ማዕርነትን፡ ሃገርን ሃገራውነትን፡ ባህሊ፡ ሕግን-ቅዋምን፡ ማሕበራዊ ፍትሒ፡ ሃገራዊ ቻርተር፡ ሰብኣዊ መሰላት፡ ወዘተ ዝኣመሰሉ ኣስታት ዕስራ ዝኾኑ ኣርእስትታት ብጥሙር ኣገባብ ይምሃሩ። ኣገባብ ትምህርቲ፡ ኣባል ርእይቶኡን ሞጎተኡን ብንጹር ክገልጽ ብዘኽእል መገዲ ኣሳታፊ (interactive) ኮይኑ ይውሃብ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ህሉውን እዋናውን ጉዳያት፡ ሓበሬታ ምእንቲ ክረኽቡ ብላዕለዎት ሓለፍቲ መንግስቲ፡ ግንባርን ማሕበርን ሰሚናራት ይካየድ። ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ኣርእስቲ ትምህርቲ መደብ ክትዕን ምብህላልን ንተማሃሮ ኣስታፊ ብዝኾነ መልክዑ ይቕጽል።

ኣባላት ጸቢብ ውዳበ ኣብ ምስላጥ መደባት ማሕበር ብፍላይ ኣብ ምጽላው ኣብ ሰፊሕ ውዳበ ዘለዉ መንእሰያት ድማ ብሓፈሻ መሪሕ ተራ ኣለዎም። ኣብ ንኡሳን ዞባታትን ጨናፍርን ኣብ ዝግበር ንጥፈታት ማሕበር፡ ከም ወደብቲ፡ መራሕትን ኣተግበርትን ኮይኖም ብኣብነት ይሳተፉ።



# - ዕጥቂ -

ሳልሳይ መግለጺ ብቕዓት ዕጥቂ እዩ። ዕጥቂ ዕላማኻ ንምዕዋት ክትውንኖ ዘለካ ዝተፈላለየ መተዓየዪታት እዩ። ዕጥቂ ረቂቕን ግኡዝን ኢልካ ኣብ ክልተ ከፊልካ ክርአ ይከኣል። እቲ ረቂቕ ... ኣእምሮ ወዲ ሰብ እዩ። መርኣያታቱ ድማ፡ ኣካዳምያውን ሞያውን ፍልጠት፡ ዲሲፕሊን፡ ባህልን ክብርታትን ዝኣመሰለ እዩ። እቲ ግኡዝ ዕጥቂ ዝበሃል፡ ኣብ ዘዝተዋፈርካሉ ዓውዲ፡ ዕማምካ ብኣድማዕነት ክትፍጽም ዘኽእለካ መተዓየዪታት እዩ። ጉልበት ሰብ፡ ገንዘብ፡ ዝተፈላለየ ቴክኖሎጂ፡ ፈኩስን ከቢድን ኣጽዋር ወዘተ...

መንእሰይ ፖለቲካዊ ንቕሓትን ውዳበን ሃልይዎ፡ ብቕዓትን ዘመናውነትን ዝሓለወ ዕጥቂ ወይ መሳርሒ ዘይብሉ እንተኾይኑ፡ ናይ ምግባር ዓቕሙ ድሩት እዩ። ኣብ'ዚ ናይ ግብትናን ውርውራን ዓለም፡ ንቕሓት ምህላውን ረብሓታትካ ምፍላጥን ጥራይ ኣኻሊ ኣይኮነን። ረብሓታትካን መሰልካን ክትሕሉ ዘኽእለካ ረቂቕን ግኡዝን ዕጥቂ የድልየካ። ዕጥቂ ብዕጥቁ ብሉጽን ተወዳዳሪን ዕጥቂ። እንተዘይኮይኑ ዕጥቂ የብሉን ወይ ዓቕሙ ትሑት'ዩ ኢሉ፡ ብድንጋጸ መሰልካን ረብሓታትካን ዝሕልወልካ ዓለማዊ ሕጊ የለን።

ሃማመተኤ፡ መንእሰያት ንሞያን ፍልጠትን ልዑል ግምት ዝህቡ፡ ዕቤትን ምዕባለን ብስራሕን ጻዕርን ጥራይ ዝረጋገጽ ምዃኑ ኣሚኖም፡ ንስራሕ ዝለዓለ ክብሪ ዝህቡ መንእሰያት ንምህናጽ ከም ስትራተጂ ሒዙ ክሰርሓሉ ዝጸንሐን ዘሎን እዩ። ከም ኣካል ናይ'ዚ ድማ፡ ዝተፈላለዩ፡ ንትምህርቲ ዝምልከቱ ውድድራትን መተባብዒታትን፡ ዝተፈላለዩ ሓጸርቲ ስልጠናታት፡ ንቕሓት ዘበርኹ ጎስጓሳት ወዘተ ብስሩዕ ክካየዱ ጸኒሖም ኣለዉ። ፍትወት ስራሕን ትምህርትን ዘለዎ ኣካላዊ ብቕዓትን ጥዕናን ዝውንን መንእሰይ ምህናጽ ኣገዳስነቱ ብምርዳእ፡ ናይ ስልጠና መደባት፡ ትምህርታዊ ውድድራት፡ መተባብዒ ሽልማታት፡ ስፖርታዊ ንጥፈታትን ጥዕናዊ ጎስጓሳትን ንምክያድ ብምውጣን ኣብ ትግባረ ይርከቡ።

ብዘይካ'ዚ ሃገራዊ ክብርታት ንምዕቃብን ኣብ መንእሰይ ወለዶ ንምስራጽን፡ ጎዳእቲ ልምድታት ንምውጋድ፡ ኣካባቢ ንምዕቃብን ንምልማዕን ዝሕግዙ ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ኣካል ውጥን ኮይኖም ይስርሓሎም ኣሎ።

## ምሕያል መንእሰያት፡-

ምሕያል መንእሰያት ኣብ ትምህርትን ስልጠናን ሓደ ካብ ሸቶታት ማሕበር እዩ። መንእሰያት ኣብ ትምህርቲ ዘለዎም ንቕሓትን ተገዳስነትን ንምዕባይ፡ ብመገዲ ሰሚናራት፡ ኣስትምህሮታት፡ ዘተ፡ መደረን ክትዕን ጥበባዊ ፍርያትን...ወዘተ ዝተፈላለዩ ጎስጓሳት ይካይድ።

ብፕሮጀክት ምሕያል መንእሰያት ናይ ስልጠናታትን ናይ ሓበሬታን ማእከላት ብምኽፋት ክሰልጥ ዝጸንሐ ስረሓት ዝያዳ ንምዕባዩ መደባት ተሓንጺጾም ኣለዉ።

ንመንእሰያት ዕድል ስራሕ ምፍጣር'ውን ሓደ ካብ ዕማማት ማሕበር'ዩ። ንመንእሰያት መበገሲ ዝኸውን ሞያዊ ስልጠና ብምሃብ ሽቕለት ኣልቦነት ንምፍኳስን ኣብ ልምዓት ሃገር ብኣድማዕነት ከም ዝሳተፉ ንምግባርን ዝተፈላለዩ ጻዕርታት ይገብር'ዩ። እቲ ስልጠና ካብ ሽዱሽተ ወርሒ ክሳዕ ዓመት ዝወሃብ ኮይኑ፡ ገለ ካብ ዝወሃቡ ስልጠናታት ንምጥቃስ፥ መባእታዊ ስልጠና ኮምፒተር፡ ምትካል ዲሽ፡ ኤለክትሮኒክስ፡ ኤለክትሪሲቲ፡ ጽርበት ሓጺንን ዕንጸይትን፡ ጽገና ኮምፒተር፡ ቪድዮ ካሜራ፡ ሙዚቃ፡ ሲንጀር፡ ስፌት ቅዲ ኽዳን፡ ስነጽባቐ ጸጉሪ ርእሲ፡ ምግጥጣም ሻምብቈ ማይ (ድራውሊኮ)፡














መፍረ ንህቢ፡ መፍረ ደርሆ፡ ምድላው መግፈፍ ዓሳ (ሰኪዔት) ወዘተ እዮም። ብተወሳኺ መሰረት ዘትሕዙ ናይ ካይላ፡ ቅብኣ፡ ስነጽሑፍ፡ ድራማ፡ ትልሂት፡ ግራፊክስ፡ ፒች ትሪ፡ ቋንቋ ወዘተ ሓጸርቲ ኮርሳት ወይ ስልጠናታት ብምሃብ ከም ኣማተር ኮይኖም ስነጥበባዊ ጽምኣቶም ንምርዋይን ከም ምንጪ ኣታዊ ተጠቒሞም ንኣሽቱ ጸገማቶም ንምፍታሕን ከም ዝጥቀምሉ ይገብር። ኣብ ስራሕ ብቐጥታ ብኽዋፈሩ ዝሕግዝ ድማ ስልጠና ምሕደራ ዋኒን ይወሃቦም።

ብተወሳኺ ትካላዊ ዓቕሚ ማሕበር ንምዕባይ ናይ ኣሰልጠንቲ ስልጠና ንመምህራን ሕመረትን ካድርን፡ ዓመታዊ ካብ ኩለን ዞባታት ብድምር ኣስታት 3000 መንእሰያት ይስልጥኑ። ስልጠና መሪሕነትን ምሕደራን ድማ ንሓለፍቲ ማሕበር ይወሃብ።

## ምትብባዕ ዕዉታት ተመሃሮ

ኣብ ተማሃሮ ቅዱስ ቅንኢ ንምሕዳርን ነቶም ጻዕረኛታትን ግዱሳትን ንምትብባዕን ድማ ምስ መሻርኽቲ ብሕልፊ ምስ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ብምውህሃድ ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና 12 ክፍሊ ምሉእ ነጥቢ ንዘምጽኡ ፍሉይ ሽልማት ዛግረ የዳሉ። ነዚ ሽልማት ዝበቕዑ ተማሃሮ ብኽቡር ፕረዚደንት ዝተወፈያ ላፕቶፕ ኮምፒዩተራትን መዳልያን ይሸለሙ።

ብዘይካ'ዚ ብዞባ ደረጃ'ውን ብሉጻት ተማሃሮ ዝያዳ ከም ዝሕይሉን




ንኻልኦት ከም ዝጸልዉን ንምግባሮም ማሕበር ናይ ምትብባዕ ተበግሶ ይገብር። ኣብ ሓፈሻዊ መርመራ ማእከላይ ደረጃ ብሉጽ ነጥቢ ንዘመዝገቡ ተማሃሮ ኣብ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ሽልማት ፊዕማ፤ ኣብ ዞባ ዓንሰባ ሽልማት ሻሎት፡ ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ሽልማት ታምፈዳ፡ ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ሽልማት መንደላይ፡ ኣብ ዞባ ደቡብ ሽልማት ዒንዳማሶ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ድማ ሽልማት ፊተውራሪ ይወሃቡ።

## ማሕበራዊ መዳይ

ሃማመተኤ ጥዕና መንእሰያት ንምሕላው ብመገዲ ESMG፡ ዞባታትን ክፍሊ ፕሮጀክትን ዝሳተፍዎ ኣስተምህሮታት ይውድብ፡ ናይ MVU መደባት ኣብ ኩለን ዞባታት የካይድ፡ ኮንዶም (ኣቡሳላማ) ይዝርግሕ፡



ኣፍልጦ ሓደገኛነት ምኽንሻብ ደቀንስትዮን መርዓ ትሕቲ ዕድመን ንኽዓቢ ኣስተምህሮን ጎስጓስን የካይድ፡ ወለንታዊ ምኽርን ማዕዳን ይህብ።

ንስፖርታዊ ንጥፈት ኣቓልቦ ብምሃብ፡ መንእሰያት ተመሃሮ ኣብ ከም ኩዕሶ እግሪ፡ ኣትለቲክስ፡ ማውንተይን ባይክ፡ ኤሮቢክስ፡ ኩዕሶ ሰኪዔት፡ ሰርከስ ወዘተ ከም ዝነጥፉ ይግበር። ኣብ ቅነ ቅዳበታትን ፌስቲቫላትን ድማ ብመልክዕ ውድድር ተታሒዙ ይስረሓሉ።

ንመንእሰያት ምሕያልን፡ ንብድሆታት ብዝግባእ ክምክቱ ዘኽእሎም ዕጥቂ ከም ዝዓጥቁ ምግባር፡ ኣብ ጉዳይ መንእሰያት ዝግበር ሽርክነት መተካእታ ዘይብሉ ኣማራጺ ብምዃኑ ጸጋታትና ኣወሃሂድናን ኣሻሪኽናን ክንሰርሕ ሓደራ ዘየድልዮ መዘኻኸሪ እዩ።



መዐቀኒ ጉዕዞና ብዓይነታውን ዓቐናውን መለክዒ ተራእዩ ስለዝምዘን፥

### ዓይነታዊ

- ዕግበት መንእሰያት
- ቅሳነት/ ርግኣት መንእሰያት
- ዕብየት ኣበርክቶ መንእሰያት

### ዓቐናዊ

- ብዝሒ ኣብ ትምህርቲ ዝዕወቱ
- ብዝሒ መሃዝትን ተመራመርትን መንእሰያት
- ብዝሒ ኣብ ስራሕ ብዋንነት ዝሰርሑ ኣፍረይቲ መንእሰያት
- ኣብ ዘየድሊ ተግባራት ዝዋፈሩ መንእሰያት ምጕዳል

***

N.U.E.Y.S.

National Union of Eritrean Youth and Students